# ሪፖርታጅ
# ዕዉት ጽምብል ጽንዓትን መኸተን ጀርመን

ብዕለት 23.02.2019 :ብምሽን ሃገረ ኤርትራ ዝተወደበ : ተሳትፎ ኩለን ህዝባውያን ውዳበታት ዘማእከለን : ኣብ ትሕቲ <u>" ሃናጺ ጽምዶን ህዝቢታት ዞባና "</u> ዝብል እዋናዊ ቴማ : **ክቡር ፍስሃጼን ጴጥሮስ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ** ኣብ ኢጣልያ ኣብ ዝተረኽበሉ ብዉዕዉዕ መንፈስ ኣብ ከተማ ጊሰን ብዓወት ተሰላሲሉ ። ኣብዚ : ጽንዓት ናስዒና : ሓዲሽ ምዕራፍ ንዝበረኽ ዕብየት : ዝሓዘለ እዋናዊ ብስራት ዓወትን : መኸታዊ ስሕለትን : ኣስታት ሓደ ሽሕ ተሳተፍቲ ካብ መላእ ከተማታት ጀርመን ዝመጽኡ ዜጋታት ብብዝሒ ዝተጋቡእዎ ጽምብል ንምዕራገ'ቲ ጽምብል ድርብ ድምቀት ሂቦሞ።

መደብ ብዝክረ ሰማኣታትን : ሃገራዊ መዝሙርን ብጒጅለታት ሓንዳይን ኤሪ-ዕምበባ ጊሰንን ተሰንዩ ድሕሪ ምኽፋቱ :ብስም ኣሰናዳኢት' መደብ : ኣቶ ካሕሳይ ተወልደ : ሓ/ህ/ኮ/ጉ : ኣብ ዘሕለፎ መልእኽቲ : ዝሓለፉ 20 ዓመታት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘርኣዮ ጽንዓትን መኸተን : ሓቂ ረቲዑ: ኣብ ዞባና'ውን ሓድሽ በሪ ሰላም ምኽፋቱ ። መግለጺ ጽንዓትናን ውሁድ መኸተናን'ዩ ኢሉ። : በቲ ካልእመዳይ'ውን : ንኣብ ጀርመን ዝነብሮ ዜጋታት : ንቀጻልነት ምህናጽ ሃገር : ውዳበኦም ብምብራኽ በደረጃ ሃገራዊ ሽማግለ ተጠርኒፎም ቃልሶም ኣብ ምንጣፍ ይርከቡ ክብል መልእኽቱ ድሕሪ ምቕራቡ : ነዚ ጽምብል ንምዕዋት ንኩሎም ውዳቤተታን : ስነ/ጥበባውያን : ሞያውያን : ከምኡ'ውን : ጒጅለታት ሓንዳይን ኤሪ-ዕምበባ ጊሰንን: ንኩሉ ተሳታፊ ይጽምብል ብስም ኣሰናዳኢት ሽማግለ ልዑል ምስጋናኡ ኣቕረበ :

ቀጺሉ ኣቶ ዮውሃን ወልዱ :ፈጻሚ ጉ/ ኤምባሲ ኤርትራ : ናይ ሎሚ ሰላም : ውጽኢት : መኸተናን ጽንዓትና ዘየሻሙ ንጹርዕላማናን ኮይኑ : ናይ ጽባሕ ዕብየት ኤርትራ ሃገርና : ብስራሕን ተበላሕነት ህዝቢና ከምዝረጋገጽ ዘለዎ ልዑል እምነቱ ድሕሪ ምግላጹ : ሎሚ'ውን ከምትማሊ : ብቤላ-ቤለው ከይተደናገርና : ሓድነትና ኣደልዲልና ዝተሰከምናዮ ሃገራዊ ሓደራ ከነተግብር ትጽቢት ሃገርዩ ክብል ኣዘኻኪሩ: ንኣዳለውቲ መደብን : ዕድመ ኣኽቢሮምን ዝመጹ ነጋድያን ጽምብል ልዑል ምስጋና ኣቕረበ:

ብኣቶ ተኸሉ ለባሲ ዝተዳለ ወጽሑፍን :ኣቶ ሙሴ ኣብረሃ ተቐናቢሩ ዝቐረበ : " 20 ዓመት ኣብ ጽንዓትን መኸተን : "<u>ኤርትራውያን ኣብ ጀርመን ማሕፉዳ መኸተን ጽንዓትን</u>" : ዝብል ኣርእስቲ ብቪድዮክሊፕ ብተሳተፍቲ ኣድናቖት ዝረኸበ መደብ ቀረበ :

ብምቕጻል እቲ ኩሉ ተሳታፋይ ጽምብል ብሃንቀውታ ዝጽብዮ ዝነበረ :መደብ ሰሚናር ኮይኑ : ክቡር ጋሻ'ቲጽምብል : **ኣምባሳዶር ፍስሃጼን ጴጥሮስ** : ኣብ ዘቕረቦ : እዋናዊ ዛዕባ ሃገርናን : ምርግጋጽ ሰላም ኤርትሮ-ኢትዮጵያን ዞባናን : ጽልዋኡ ኣብ ዓለማዊ ፖለቲካን : ንረብሓ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ : ናይቲ ከባቢከኣ ብሓፈሻ : ዝርዝራዊ መብርሂ ድሕሪ ምሃቡ : ውጽኢት ክስተት ናይ ሰላምን እወታዊ መቐይሮ ዞባናን : ብሳላጽንዓትን ተወፋይነትን : ዘይተባተኸ ሓያልን ውሁድ መኸተ ህዝብናን መሪሕነትናን ምኳኑ ግንዛበና ክነዕዝዝ ይግባእ : ድሕሪ ምባል፡ ኣቓልቦ ህዝቢናን ዞባናን ንምጥምዛዝ ዝካየዱ ዘመንኣምጽኦ ጐስጓስ ማሕበራዊ-ሜድያ : ክነቕሓሉን : ተቢዕና ብተግባርን ኣበርክቶን ክንገጥሞም ይግበኣና : ባህሊ ንተዓዋትነት ቃልሲናን : ኣብ ጭቡጥ : ርትዓዊን ሓቂን ዘማእከለ : ንልዑላውነትና ዘውሃሓሰ : ኣብ ሃናጺ ጽምዶ ዘተኮረ : እቲ ናይ ትማሊ ዝነበረ መትከልና ሎሚ ዘይተቐየረ : ምኳኑ ኩሉ ክበርሃሉ ይግባእ ክብል መግለጺ ድሕሪ ምሃቡ :ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐረበሉ ብርክት ዝበሉ ሕቶታት መብርሂ ሂቡ :

ነቲ ጽምብል ዘድምቑ ብርክት ዝበሉ እውናዊ ግጥሚታት ድሕሪ ምቕራቦም : ብERIBAND ዝተሰነየ : ምኩራት ጎዳይምን መንእሰያትን ዝርከብዎም ሓያላት ስነ-ጥበባውያን ሙዚቀኛታትን ድምጻውያንን ንትችዓተ ብሄራትና ዝውክል ልብሲን ባህላዊ ምርኢት ብጒጅለታት ሓንዳይን ኤሪ-ዕምበባ ጊሰንን ከምኡ'ውን DJ Moss ደሚቑ ሓዲሩ : መደብ ብዓወት ሰዓት 5 ወጋሕታ ተዛዘመ:

ዘልኣለማዊ ምጎስ ንክብሪን ንጀጋኑ ሰማእታትና

ዓወትን ሓፋሽ :
ኮሚቴ ዜናን ሓበሬታን ኮሚቴ - ምሸን ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጀርመን ዕለት 23-24.02.2019